# ዘይተነጸረ መደብ ሃገራዊ ፖሊቲካ ዘኽትሎ ኣሉታዊ ሳዕቤን፡

ኤርትራ ማብቆል ዝተፈላለየ ሕብረ ብሄራዊ፡ ዓሌታትን፡ እምነታት ዘለዎም ኣሕዛብ ዝቆሙት ሃገር ስለ ዝኾነ ሚኣያ ብዙሕነት ባህልን ልምድን'ያ። ኤርትራ ሓድነት ህዝባን ሜሬታን ኣቒባ ዝጸንሐት፡ ሕሉፍ ታሪኽ ዝምክሮ'ውን እዩ። ከምቲ ሓረስታይ ክዘርእ "ኣስሚር" ዝብል፡ ከምቲ ሚዓት ክትወጽእ "ዑፈይ ስሚለይ" ተባሂሉ ዝድረፍ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ኣብ ሕማቅን ጽቡቕን ብሓደ ህዝበይ ስሚለይ እንዳበለ፡ ሰላምን ዝዝርግ ባዕዲ ሓቢሩን ተሓጋጊዙን ተኸላኺሉን፡ ዘጽንሓ ሃገር'ያ። ካብኡ ሓሊፉ ዘይተነጸረ መደብ ሃገራዊ ፖሊቲካ ምስ ሕውስዋስ መደብ ማሳርዕ ኣውራጃ ሃይማኖት ዓሌትን ዘኽትሎ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣዝዩ ሓደገኛ'ዩ።

ፖሊቲካ ኤርትራ፡ ኤርትራ ከም ሃገር ብመደብ ተሰሪዑ፡ ብህዝቢ ተደጊፉ ሕጂ'ውን ሰሚሩን ተሓቛቚፉን ክነብር ዘክእሎ ዕድልን ባይታ ይበዝሕ። ፖለቲካዊ ጉዳይ ኤርትራ፡ ከም ሃገርን ህዝብን ንዘሎ ሃብታም ባህላዊ ጸጋታትን ተሞክሮን ክዝረበሉ ኣይግባእን ዘስምዕ ማለት ግን ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ነቲ ባህልታት፡ ቋንቋታት፡ ልምድታት፡ ወግዒ ቀዳሞት መንጸብረቕታ ብዙሕነትና ስለ ዝኾነ ኣብ ምንቅስቓሳትና ደሚቑ ክረኣ'ኳ ደኣ ይግባእ። እዚ ዝኾነሉ ከኣ ግዜ፡ ቦታ፡ ኣለዎ። ባህልታትና ተራ ተዋሂብዎም ብዘይኣድልዎ ማስርዕን ወግዕን ምስ ዝግበረሉ ጥራሕ'ዩ።

ጉዳይ ፖሊቲካ ሃገርና ኤርትራ ብእኩብ ድምር ብውክልና ድሌት ኩልና ኤርትራውያን ዝፍጸም ስለ ዝኾነ፡ ኣርማ ሓድነት ማለት ኤርትራ ሒዝካ ዝፍጸም ስርሓ ስለ ዝኾነ መተካእታ ዘይብሉ ቀዳማይ ቦታ ዝሓዘ'ዩ። ቀጻልነት ሃገር ኤርትራ ክረጋገጽ እንተኾይኑ ከኣ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ'ዚ ቀዳምነት ቦታ ዝህቦ ጉዳይ ሃገር ኣቓልቦ ክሕይል፡ ማለት ሓድነቱ ምሕያል ክኸውን ስለ ዘለዎ፡ ሓድነቱ ምሕያል ቀጻልነቱ ምርግጋጽ፡ ታሪኹ ምዕቃብን ይኸውን። ታሪኹ ዓቒቡ ብምክብባር ዝነብር ህዝቢ፡ ሂወትን ዜጋታት ካብ ግዜ ንግዜ ኣብ ማዲ ሰላምን ራህዋን ዕብየትን ከምዝጓዓዝ የውሕስ። ኣድልዎ ዘይብሉ ሓድነት ኤርትራውያን እዋናዊ ሕቶ'ዩ። ነዚ ሕቶ ንምምላስ ከኣ ብቀዳምነት ንትንሳኤ ህላውነትና ዝኾነ ሕቶ ሃገር ክንምልስ ይግባእ። እዚ ዓይነት ኣገባብ ኣካይዳ ኣብ ሓሳብና እንተሰሪጹን ተቐሪጹን ከኣ፡ ብድሕሪኡ ክመጽእ ዝኽእል ዝተፈላለየ ባህሊታት ቋንቋታት ልምድታት ሕቶታት ክዕምበብ፡ ክሰፍሕ ይኽእል። ከም ጥምረት "ማእዶ" ከኣ ሓቢርና ንሰላምን ራህዋን ተግባራዊ ኣድማዒ ስርሓት ክንሰርሕ የኽእለና።

ፍልልያትና ርኢና ዘይኮነ ንኤርትራ ንጥምትስ፡ ኤርትራ ርኢና'ና ንፍልልያትና ክንጥምት ዝግባእ። ማሰረት ሓባራዊ ቁምነገርን፡ ሃገራዊ ሓባራዊ ረብሓ ዘለዎ ከኣ ንሱ'ዩ። እዚ ማለት ከኣ ከይሓበርናን ከይሰሚርናን ንዝተለምናዮም ክንበጽሖ ዘጸግም'ዩ። ማለይና ሓድነትና ኣጥፊእናን ኣዳኺምና፡ ንገዛእ ርእስና ተፈላሊልና፡ ኣብ ቅድሚ ሕብረተ ሰብ ዓለም ተፈላጥነት ክንረክብን፡ ሓይሊ ከነጥሪ ኣይከኣልን'ዩ። ከምቲ ስነ ጥበባዊ ንኡስ ወድና በረኸት ማለስ ዝበሎ "ሕቶ ህልውነትና ሎሚንሜልሶ፡ ምስ ተሰማምዕና ዓለምክትሰምዓና" እዩ።

ከምቲ ልዕል'ሉ ተጠቒሱ ዘሎ ሃብታም ባህልታት፡ ልምድታት፡ እምነታት ኤርትራ ፍጹም ክዝረበሉ የብሉን ማለት ግን ኣይኮነን። ብጸጋ ሚኣያ ብዙሕነት ባህልናን ልምድናን ክንኾርዕን ክንሕበንን ዘክእል ረቋሒ ከም ሃገር ኤርትራ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ንኾርዓሉን ንሕበነሉን ብዙሕነት ኩሉ ግዜ ኣብ ክሊ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ኮይኑ ኣድልዎ ዘይብሉ መደብ ሓደ ድሕሪ ሓደ ተሰሪዑ ምስ ዝቀርብ ጥራሕ'ዩ። ሚስጢር ሓይልን ብቅዓትን ህላውነት ኤርትራ ዘረጋገጸ፡ ሕሉፍ ታሪኽ ዝምክሮ ከኣ ንሱ'ዩ።

ብዛዕባ ፍሉይ ተርኽቦ ባህልን ልምድን ክዝረብ የብሉን፡ ክጥቅስ የብሉን ኣይኮነን፡ ፍሉይ ሓሳብ ክቀርብ የብሉን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ማስርዕን ኣገባብን ሓልዩ ክኸይድ ደኣ'ምበር። ፖለቲካዊ ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ቦትኡ ሜደብ ዘትሓዝ፡ ጉዳይ ኣውራጃ ኣብ ቦትኡ ሜደብ ዘትሓዝ፡ ጉዳይ እምነታት ኣብ ቦትኡ ሜደብ ዘትሓዝ ኮይኑ ማስ ዝቀርብ ንምባል'ዩ።

ሃብታምባህልታት ኤርትራ ከምጸጋን ሞኣያን ብዙሕነትና ደኣ'ምበር ከምሜፈላልዪ ክንርእዮን ክንጥቀሞሉን ኣይግባእን። ንሕና ኤርትራውያን ሃብታምባህሊ ኣለና ክንብልን፡ በብባህልና ክንፋናጣሕ ኣለና ማለት ክልተ ዝተፈላልየን ዘይሰማምዕን ተርእዮ ምዃኑ ህዝብና ክርዳእ ይግባእ።

ሎሚኣህጉራዊ ሕብረተ ሰብ ዓለም ይዕበ ይንኣስ ጉዳዩ ንምስላጥ ሓድሕዱ ተሓጋጊዙ ተሓባቢሩ ፍታሕ ንምርካብ ኣብ ዝቀዳደመሉ ዘሎእዋን፡ ንሕና ኤርትራውያን'ውን፡ ብሓድነትና ህላወነት ሃገርና ኣረጋጊጽና፡ ንስልጡን ዕብየት ባህልታትና ሞኣያ ብዙሕነትና ክንኸውን ተሓባቢርና ተሓጋጊዝና ሰሚርና ክንቃለስ ይግባእ።

ህላወነት ሃገር ኤርትራ፡ ዘዳኽምፍልልያት ምንጽብራቕ ዘስዕቦ ኣሉታዊ ተርእዮ ኣዝዩ ሳዳኢ ዘይጠፍእ በሰላ ዝሓድግ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ፡ ምስ'ቲ ማላኺ ስርዓት ዘሪእዎ ዝኸይድ ዘሎ እከይ ተግባራት ንምትዕርራይ ዓቕሚ ክእለት፡ ዘባኽን'ዩ። ዝሓለፈ 20 ዓመታት ንደላይ ፍትሒ ገዚእዎ ዝጸንሐ ውስጣውን ግዳማውን ኩነታት፡ ዓብይ ትምህርትን ተሞክሮን ስለ ዝኾነ፡ ሎሚ ህዝብና ካብ ምፍልላይ ዝቀሰሞ ተሞክሮ ኣብ ባይታ ክሰርሓሉ፡ ኤርትራዊ ሓይሊ ክጥርነፍ ክንእክብን፡ ዓቅሚከነዋህልል ቃልስና ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ክንቅይሮ ይግባእ።

ዝሓለፈ ዓመት 2019 ተስፋ ዝህብ ተበግሶታት ደላይ ፍትሒ ህዝብና ተራእዩ። ብሓፈሻ ህዝብናን ብፍላይ ከኣ ፖለቲካዊ ውድባትናን ማሕበራትን ነቲ በብግዜኡ፡ ንደገፍ ህዝብና ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ከካይዶ ዝጸንሐ ቃልስታት ሰሚዑ ከዕውቶ ከምዘለዎ ርእዩ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ሜድረኽ ቃልሲ ኣብጺሕዎ ኣሎ። እዚ ህዝባዊ ቃልሲ ካብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ ደረጃ ንወሳኒ ሜድረኽ ንምስግጋር ዓብይ ንቕሓት ምትሕብባርን ምድግጋፍን ኣድላይነት ኣለዎ።

ሓድነት ሓይሊ ህዝቢ ኤርትራ ንጸላእትና ዕብድብ ከም ዝእተወሎምን፡ ንምዝራጉ ዘይፈንቀልዎ እምኒ ኣይነበሮምን። ሕሉፍ ሓሊፍዎም ገገለ ኢትዮጵያውያን ጋዜጠኛታት፡ ደጊምህዝቢ ኤርትራ ብስንኪ ህግዲፍ ተደቍሱ ኣይክትንስእን'ዩ እሞ ሕልምና ንምትግባር ሎሚዩ ግዜና ብዝብል ኣጉል ኣተሓሳስባ እንታይ ክዝራቡ ከምዝቀነዩ ኩሉ ዝሰምዖን ዝረኣዮን ስለ ዝኾነ እኹል ሞርትዖ ጸረ ሰላም ራህዋ ህዝብና'ዩ። ሓድነትና ዘይደልዩ ሓይልታት ዝብልዎ'ዩ። እዚ ዘለናዮ እዋን ዕላማኻ ኣነጻጺርና ብሓባር ብስምምዕ፡ ብምትሕግጋዝ ክንሰግሮ ዘለናን፡ ንኤርትራዊ ፖለቲካዊ ጉዳይ ቀዳምነት ሂብና፡ ካብ'ቲ ዘለናዮ ዲፕሎማሲያዊ ጽምዋ ዓለምክንወጽእ ብሓድነትና ንርእስና ኮሪዕና ፈተውትና ከነኾርዕ፡ ኣብ ሜድረኽ ሰላምን ራህዋን ክንበጽሕ ዝተቀበልናዮ ሕድሪ ክንትግብር ክንጽዕር ክንቃለስ ይግባእ።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ክንዕወት'ና
**ዜናን ሓበሬታን ውሓዲለ**
10 ጥሪ 2020